አሥመራ ዩኒቨርሲቲ

ASMARA UNIVERSITY

# ብዛዕባ ቋንቋን ባህልን ቢሊን ዝምልከት ሰሚናር

## ክፍሊ ፩

# Bilin Language & Culture Seminar

## Part 1

*Organized by the Institute of African Studies*

*Asmara, 21 June 1986*

አሥመራ ፡ 14 ሰነ 1978 ዓ. ም.

**ጳውሎስ ዘርእማርያም 1986a፥**

**መሰጋገሪ ስርዓታት ብሊን**

**ሓጺር መግለጺ፥**

***ብዛዕባ ቋንቋን ባህልን ብሊን ዝምልከት ሰሚናር፥ ክፍሊ I.***

**ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ብናይ ኣፍሪቃ መካነ ምርምር እተዳለወ**

Paulos Zeremariam, 1986a. Initiation Rites Among the Blin. A paper presented at the Blin Language and Culture Seminar: Part I. Organized by the Institute

**መባእታ**

1. **ልደት - ስም ምሃብ (ሰኹ ፍድና) - ምርቃ (ገውራ) ግርዘት (ስምትራ)**
2. **ካብ ንእስነት ክሳዕ ጊዜ ሕጸ**
   - **ምቅርራብ ወድን ጓልን**
   - **ባህላዊ ጸወታ (ጓይላ)**
   - **ዕለታዊ ስራሕ**
   - **መሰል**
   - **ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ (ኣብ ሃይማኖት፥ ኣብ ዕላል (ውርዝነት) ኣብ ፖለቲካ**
3. **ሕጸ (ሕጨ)**
4. **ሸንጋለ**

**መባእታ**

**እዚ ሕጂ ዘቅርቦ ዘለኹ ጽሑፍ *ኣብ ደቂ ብለን ካብ ጊዜ ልደት ክሳዕ ጊዜ ሸንጋለ ዝፍጸሙ ተግባራትን ስርዓታትን ዝረኣዩ ጠባያትን* ክኸውን እንከሎ ሕጻን ካብ ዝተወልደሉ ጊዜ ጀሚሩ ክሳዕ ምንኣሱ ዝውለድ ዘሎ ጊዜ ፍሉይ ባህላዊ ስርዓታት ዘንጸባርቅ ኢዩ። ካብዚ ጊዜ እዚ ጀሚሩ ክሳዕ ወዲ 14 ኣቢሉ ዝኸውን ዘሎ ጊዜ ድማ ናይ ደቂ ቢለን መንእሰያት ዕለታዊ ተግባራትን ናይ ኣካል ምንቅስቃሳትን ዝገልጽ እንኪኸውን፥ ካብ 14 ዕድመ ክሳዕ ሸንጋለ ዘሎ ጊዜ ድማ ብዙሕ ዝተፈላለየ ጠባያት ዝረኣየሉ ጊዜ ስለዝኾነ እዚ ርዕስ እዚ ምስዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮም እዋናት ኣነጻጽሪካ ግፍሕ ብዝበለ መልክዕ ቀሪቡ ኣሎ።**

**እዚ ጽሑፍ እዚ ነቲ ዝተገንዘብክዎ ስርዓታትን ተግባራትን መሰረት ብምግባር ዝቀረብክዎ ክኸውን እንከሎ ብወረ ዝሰማዕኩዎን ካብ ውልቀሰባት ዝቀዳሕኩዎን ነጥብታት ውሑድ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ብዘይ ናይ መጻሕፍቲ ምንጽጻር ዝተሰናደወ ኢዩ። ኰይኑ ግን ትሕዝቶኡን ኣቀራርባኡን ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ ኢዩ ኢለ ስለ ዝኣምን ኣንበብቲ ብዙሕ ጥቅሚ ካብ ምቅሳም ሓሊፎም ኣብ ልዕሊ ሓድሓደ ነጥብታት ናይ ዘተ መድረኽ ብምኽፋት ሕሉፍ ፍልጠት ከምዝድልቡ ኣይጠራጠርን ኢየ።**

**<u>ኣብ ደቂ ቢለን ካብ ጊዜ ልደት ክሳብ ሸንጋለ ዝፍጸሙ ስርዓታትን ዝረኣዩ ጠባያትን።</u>**

**ከምቲ ኣብ ካልኦት ብሔራት ዘለዎም ናይ ማዕበያ ሕጋዊ ደረጃ ደቂ ቢለን እውን ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ምዕባይ ደረጃታት ዝተፈላለየ ባህላዊ ሕግታትን ጠባያትን እናተኸተሉ ይዓብዩ። እዚ ኣብ ላዕሊ ሕግታት ተባሂሉ ዘሎ ገሊኡ ዘይብሩህ ግን ሳይንሳዊ ትርጉም ዘለዎ ገሊኡ ባህላዊ ትርጉም ዘለዎ፥ ገሊኡ ድማ ትርጉም እንከለዎ ዝተረሰዔ ስርዓት ክኸውን ይከኣል።**
**<u>ልደት</u> - ዝውለድ ሕጻን ወዲ ወይ ጓል ክኸውን ይከኣል። ወዲ እንተደኣ ኰይኑ 7 ጊዜ ዕልል ይብላሉ፥ ምኽናያቱ እንታይ ኢዩ ኢልና እንተደኣሓተትና ወዲ ናይ ኣቡኡ ሃብቲ ወራሲ፥ ናይ**

ኣቡኡ ሽም ወራሲ ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ባህላዊ ኣተሓሳስባ እውን ስለዝድግፎ ይኸውን። ከምኡ ድማ ኣቶ ዓዋተ ቊርባን ምኽንያቱ ከበራርሁ ከለዉ ወዲ ልዕል ዝበለ ኣብ ርእሲ ጓል ስልጣን ዘለዎ ፍጡር ስለዝኾነ እዩ ኢሎም። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ሓቂ ይኹን ኣይኹን ደኣ እምበር ብብዙሓት ሰባት ዝድገፍ ኢዩ። በተወሳኺ ወዲ ተባዕታይ ኣብ ማሕበራዊ ሕይወት ዓቢይ ናይ ስራሕ ግደ ስለዘበርክት ኢዩ ዝብል ሓሳብ እውን ይውሰኾ። እታ ዝተወልደት ጓል እንተደኣ ኰይና ግን፡ 3 ጊዜ ጥራይ ዕልል ይብላላ። ምኽንያቱ ድማ ኣንጻር እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ይኸውን።

<u>ድሕሪ ምሕራስ (ከበናር)</u> - ዝሓረሰት ሰበይቲ ሓደ ዝተሓላለኸ ላኻ ኣብ ኢዳ ትኣስር፡ ብንጽል ላኻ ድማ ክሳዳን ርእሳን ትኣስር። ምኽንያቱ ድማ ወ/ሮ ሚካኤለት ብሓጺሩ ከም ዘረደኣኒ ንክብሪ ማርያም ተባሂሉ ዝግበር ስርዓት ምዃኑ እዩ። ሓራስ ሰበይቲ ዝተኣሳሰረ ጣምራ ላኻ ኣብ ጥቃኣ ብምቅማጥ ጋሻ ክመጽእ እንከሎ ወይ ድማ ኣድጊ ክንቁ እንከሎ ኣልዒላ ሻሕሻሕ ተብሎ፡ ናይዚ ከምዚ ስራሕ ትርጉም ድማ እቲ ሕጻን ካብ ከርሲ እኖኡ ወጺኡ ኣብ ሓዲሽ ዓለም (ከባቢ) ስለዝመጸ ሰንባዲ ወይ ፈራሕ ንከይከውን ትብዓት ንክለምድ ዝገብር ስራሕ ኢዩ።

<u>ሽኪ</u> - ካብዚ ጊዜ እዚ *ሽኪ* ዝበሃል ክዳውንቲ ሕጻን ተሓጺቡ እቲ ኹሉ ኣብ ክሳዳ (ኣብ) ርእሳ ኣብ ኢዳ... እቲ ሕጻን ተኣሳሲሩ ዝጸንሐ ላኻ ተፈታቲሑ ምስታ ዓባይ ጣምራ ላኻ ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ኣብ ሩባ ወይ ዛራ ማይ ከምዝድርበ ትገብር። ናይ'ዚ ኣብ ሩባ ምድርባይትርጉም ድማ እታ ሓራስ ከምታ ኣብ ሩባ ተርኪሳ እትተርፍ ላኻ ከምኡ ትጥለል ተተርክስ፡ እቱ ሕጻን እውን ከምኡ ንምባል ዝፍጸም ናይ ዝቡኽ ትምኒት ምልከት ኢዩ።

<u>ስም ምሃብ (ስኙ ፍድና)</u> - ኣብ ብሔረሰብ ቢለን፡ ንዝኾነ ዝውለድ ሕጻን ዝወሃብ ስም <u>መኹሲ</u> (ናይ ኣቦሓጎታቱ ...)፡ ናይ ክርስትና ስም (ሚካኤል ለተማርያም ... )፡ ጽቡቕ ትርጉም ዘለዎ ስም (ኣፍርሓ፡ ራኪ፡ ኪሰሪ ... ) ትርጉሙ ዘፍለጥ ስም (ፍካክ፡ ጋይም፡ መናድር ... )፡ ናይ እስላም ስም (ዓሊ፡ ሸከዲን፡ መሓመድ ... ) ክኸውን ይኽእል፡።

እቱ ሕጻን ስምምስ ወጽኣሉ ቈልዑ ብድሕሪ ገዛ ኰይኖም ዎ እገሌ/ ነዓናይ ኣሓ ክንወፍር፡ ዎ እገሌ/ ንዓናይ ክንሓርስ ... ይብሉ እሞ እተን ኣብ ውሽጢ ገዛ ዘለዋ ኣንስቲ ድማ ሕራይ ሕራይ እቖርስ ኣሎኹ፡ ሓንሳብ እመጽእ ኣሎኹ¡ ይብላ። ጓል እንተኾነት ድማ ዎ እገሊት ንዕናይ ማይ ክንወርድ፡ ዎ እገሊት ንዕናይ ዕንጨይቲ ክንወፍር ...! ይብላኦ። ሕራይ ሕራይ ሓንሳብ ተጸበያኒ¡ ዝብል ድምጺ ይስማዕ። ካብ'ዚ ጊዜ እዚ ኣትሒዙ ድማ እቲ ሽም ብዕሊ ይብጽሖ/ሓ፡ ማለት ኢዩ።

<u>ምርቃ (ገውራ)</u> - እዚ ምርቃ እዚ ወዲ እንተኾነ ኣብ ወርሑ ጓል እንተኾነት ግን ኣብ 3ይ ሰሙና ምስ በጽሐ ሓራስ ሰበይቲ እትምረቀሉ ጊዜ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ባይታ ንመጀምሪያ ጊዜ ስለ እትወርድ እዩ። በዚ ጊዜ እዚ ጥሽ ትበውእ፡ ሽልማታ ትመልስ፡ ቈልዓ ሓቍፋ ሓዊ ትሳገር፡ ድሕሪ እዚ እቲ ሕጻን ንመጀመርያ ጊዜ ይላጸ፡ ናይ ኣለጻጽያ ስነ ስርዓት ድማ ኣሎ።

ኵሉ ወሰናስን ተላጺዩ ኣብ ማእከል ርእሱ ጥራይ ጸጕሪ ምግዳፍ፡ **ግሰት** ምስ ከሎሽ ኵሉ ወሰናስን ተላጺዩ ካብ ልዕሊ ግንበሩ ጀሚሩ ክሳዕ ናይ ድሕሪት ክሳዱ ከይተላጸየ ዝተርፍ ቀጢን ውርዋር ጸጕሪ (ሕሮርየት) ወይ ድማ ካልእ ዓየነት ዝተረፉ ኣሎዉ። እዚ ድማ ዝጸንሐ ናይ ኣቦታት ዓደት እዩ። እዚ ስርዓት እዚ ክሳዕ ምንኣሱ ዝልወድ ይቅጽል። ምናሱ ምስተወልደ እቱ ስራዓት ናብ ምንኣሱ ይሓልፍ።

<u>ግዝረት (ስምትራ)</u> - ኣብ ብሔረሰብ ቢለን፡ ወዲ ኰይኑ ጓል ክልቲኦም ይግዘሩ ኢያቶም። ወዲ ትግዝር ምስ ኣበለ *ኣብሓሪሱ ዕሉም* ... ብምባል የዝምር (ይፍክር)፡ እዚ ድማ እቲ ቈልዓ ንፉዕ፡ ተባዕ ንምዃን ዝጠቅም እንኪኸውን፡ ኣብ ገዛ ኣቦይ ኣነ ባዕለይ ኣሎኹ ናይ ምባል ምልክት ኢዩ። ኣቡኡ ድማ ጤል ወይ ጣዕዋ ይህቦ። ጓል ኣንሰተይቲ እንተኾነት እውን ትግዘር እሞ ትሸቀጥ፡ ናይ'ዚ

ምሽቃጥ ዓላማ ድማ ንሕፍረት ክንዲ ክዳን ብምኽዳንን ጓል ኣንስተይቲ ቅድሚ ምምርዓዋ ኣብ ብዙሕ ሓደጋታት ተቀሊዓ ስለ እትጸንሕ ብቀሊሉ ንከይትድፈር ምስ ተደፍረት ድማ ብቀሊሉ ክድህሰስ ስለ ዝከኣል ኢዩ።

ጊዜ ሓሊፉ ሕጻን ብዕድመ እናደፍኤ ይመጽእ፡ እዚ ጊዜ እዚ ኣቅመ-ኣዳም ቅድሚ ምብጻሕ ዘሎ ብዙሕ ናይ ካልእ ኣካል ምንቅስቃሳት ዝፍጸመሉን ዝረኣየሉን ጊዜ እዩ። ወዲ ክሳዕ ስርዓት ሸንጋለ ዝፍጸም ጎተና ክገብር ኣይፍቀድን ነበረ። ከምዚ ሎሚ ጊዜ ከይኮነ ክምሸጥ ወይ ኣብ ርእሱ መዘርገፍ ከእቱ ኣይፍቀዶን ነበረ። ካብዚ ጊዜ እዚ ክሳዕ ጊዜ ጕብዝና (ወዲ 14፡ ጓል 13) ወዲ ተባዕታይ መሓስእ፡ ኣጣል ከብቲ ... ይሕሉ። ጓል እውን ኣጣል ትወፍር፡ ማይ ትወርድ፡ ዕንጨይቲ ትወፍር፡ ዳርጋ ኹሉ ወዲ ዝሰርሖ ዓይነት ስርሓት ትፍጽም፡ ገረብ ትሓኵር፡ እምኒ ትድይብ፡ ኣካውሕ ትተግር፡ ትዘልል፡ ትቀዳደም፡ በትራ ሒዛ ትወፍር ግን ፋስ እይሕዝን፡ ባሓጺሩ ኵሉ ናይ ወዲተባዕታይ ተግባራት ትፍጽም።

ጊዜ ይሓልፍ፡ ዕድመ ይቍጸር፡ ግዙፍ ኣካል ብዙሕ ለውጥታት ይገብር። ጓል ኣንስተይቲ ኣጣል ትወፍር ዝጸንሔት የሕፍራ፡ ብሓጺሩ ኣብ ከባቢ ገዛ ዝስራሕ ዕዮታት ንምፍጻም ደስ ይብላ።

<u>ካብ ጊዜ ጕብዝና ክሳዕ ጊዜ ሕጻ ዝረኤ ጠባያትን ተግባራትን</u>

ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ ዘሎ ብዙሕ ናይ ኣተሓሳስባን ኣዘራርባን ኣከያይዳን ኣመለኻኽታን ለጥታታት ይረኤ። ኣብ'ዚ ዕድመ እዚ ብትኵረት ክዕዘቡ ዘለዎም ሓድሓደ ዓበይቲ ጠባያትን ተግባራትን ብከምዚ መልክዕ ክቀርቡ ይከኣል።

*<u>ባህርያዊ ምድልላይ ጓልን ወድን</u>*

ኣብ መንጎ ወድን ጓልን ዘሎ ምድልላይ ሓድሕድ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ብሔረሰብ ዝረኤ ይኹን ደኣ እምበር ኣብ ብሔረሰብ ቢለን ናይ ምቅርራብን ኣረኻኽባን ፍልይ ዝበለ መልክዕን ደረጃን ኣለዎ። ብመጀርምያ ክልቲኣቶም ወገን በቲ ዝስምዖም ውዑይ ምድልላይ ብቀሊሉ ኣይማረኹን ኢያቶም። እዚ ድማ ብከምዚ ዝስዕብ ምኽንያታትን ብካልእ ተመሳሳሊ ኣተሓሳስባን ክኸውን ይከኣል።

1. እኹላት ጓልን ወድን ከም ሓውትን ሓውን ኰይኖም ብጋህዲ ብሓደ እናተጻዋወቱን እናተጸዓዓኑን ስለዝዓብዩን ስለዝነብሩን ንኣታቶም ከምዚ ዓይነት ኣቀራርባ ሓዲሽ ነገር ስለዘይኮነ ብሓጺሩ ከም ልምዲ ጌይሮም ስለዝወስዱዎ።
2. ምናልባት ኰይኑ ናብ ጌጋ ዘምርሕ ኵነታት ምስዝፍጠር ብወገን ጓል ድኽምቲ ምኺነይ ተረዳእ ሓውትኻ ምኺነይ'ውን ኣይተዝንግዕ! ዝብል ቃላት ምስ ወጸ ወዲ ድማ ስምዒቱ ብምዕጋት ሓቦ ክብል ኣሎኒ! ዝብል መንፈስ ፍሉይ ሕልና ስለዝሕዞ።
3. ጓል ኣንስተይቲ ክብረ ንጽሕናኣ ምስትድፈር ዝስዕብ ማሕበራዊ ጸርፍታት ተሰምኪምካ ምኽኣል ብጣዕሚ ከቢድ ስለዝኾነ ብሕልፊ ጓል ቢለን ኣሸንባይዶ ብሕልፊ ካብ መንእሰያት ከምዚታት ክውረየላ ብጥንቅቅታ እንከላ'ውን ብፍጥረታ ሓፋር ዓሌት ብምኺና ወዘተ ክኸውን ይከኣል። ንኣብነትኳወድን ጓልን ብሓደ ርሑቕ መገሻ እንተኸዱ ወዲ ተባዕታይ ክሳዕ እታ ዝዓርፉላ ቦታ ብእምነት ብሰላም ሒዙዋ ይኣቱ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መርዓ ወይ ኣብ ጓይላ ኣብ ዝተተኽለሉ ቦታ ኣወዳትን ኣዋልድን በብወኣገኖም ዘይኮነስ ብሓደ ተደባሊቆም ዝጻወቱ ክኾኑ ከለዉ ክሳዕ እዚ ቀረባ ጊዜ ጸወታ ምስ ተወድኤ እውን እቶም ኣወዳት ነተን ኣዋልድ እናሓቈፉወን እና ኣውደቕወንን ክሳብ ጥቃ ገዛውተን የብጽሑወን። ብዝበዝሕ ጊዜ ካብዚ ምቅርራብ ሓንቲኳ ናይ ምብልሻው ሳዕቤን ኣይረኤን ነበረ። ሕጂ እቲ ናይ ምቅርራብ ልምዲ ብኵነታት እናተረፈ ስለዝኸደ እቲ ናይ ዘይምትእምማን ሳዕቤናት እናበዝሐ ይረኤ ኣሎ።

ብጽሕቲ ጓል ቢለን ወዲ እንድሕሪ ተኸታቲሉዋ እንድሕሪ ሓቲቱዋ ከም ዝተቀበለቶን ዝነጸገቶን ቀልጢፉ ክርዳእ ኣይኽእልን። ምኽንያቱ ድማ ንስኻ ኣዒ ዝሓተትካኒ እዚ ኵሉ'ውን ደንጕኻ ዝብል ኣይሓቂ ኣይላግጺ መልሲ ስለ እትህቦ፡ ወይ ድማ ብሕፍረት ዝኣክል መልሲ ብምኽላእ ትም እናበለት ካብኡ ብምህዳምን ብምኽዋልን ስለ እተትክኾ፡ወይ ድማ ካሊእካ ድለ ዝሓወይ ኢላ ስለእተሰንብዶ። ስለ'ዚ ካብኣ ዝወጽእ መልስታት ከምዚታት ዝኣመሰለ ስለ ዝኾነ ወዲ ተባዕታይ ብዙሕ ጻዕሪ ብዙሕ ትዕግስቲ ነዊሕ እዋን ምስዝገብር ኢዩ ናይ መወዳእታ ውሳኔኣ ዝሰምዕ።

<u>ባህላዊ ጸወታ (ጓይላ) ብዝርኢ</u> - ደቂ ቢለን ጓል ትኹን ወዲ ኣብዚ ዕድመዚ ጓይላ ብጣዕሚ ይፈትዉ። ካብመግቢ፡ ካብማይ፡ ጸወታ ይመርጹ። ዓይኖም ሰም ከይበለ ኣከታቲሎም ሰለስተ መዓልቲ ሂር ምባል ድሌትን ክእለትን ኣለዎም። ድምጺ ከበሮ ክሰምዑ ከለዎ ሓጹር ረጋጊጾም ኣእማን ዘሊሎም ልቦም ምስቲ ከበሮ እናተወቕዔ ኣብቲ ቦታ ደበኽ ይብሉ። ካብ ብዙሕ ትዕዝብቲ ከም ዝግመት ወዲ ኣብ ጸወታ ምስ ኣተወ ጸወትኡ ኰሪዑ ይጅምር። ኣብ ቅድሚ ኣዋልድ ብሕልፊ ኣብ ቅድሚ ዝፈትዋ ጓል ካልእ ሰብ ዳርጋ ሰብ ኰይኑ ኣይረኣዮን ኢዩ። ቀኍሩብ ንጕድለት ብዝምልከት እንድሕሪ ተዛሪብካዮ ክውሕጠካ ይመጽእ። ስለዚ ኣብዚ ጊዜ እዚ ዝኾነ ዘረባኻ ሓበሬታኻ ግብርኻ ጥንቃቀ ዝመልኦ ክኸውን ኣሎዎ። እንተዘየሎ ምኽንያት ባእሲ ብቀሊሉ እዩ ዝለዓል።

<u>ስራሕ</u> - ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይብሎም ቈልዑት ወዲ እንተኾነ 6 ዓመቱ ጀሚሩ ናብ ገዛ ኣቡኡናይ ስራሕ ግደኡ ኬበርክት ይጅምር። እዚ ድማ መሓስእ ብምሕላው፡ እንዳ ኣጣል ብምኾስታር፡ ምራኹት ብምሕላው ወዘተ ... እንኪኸውን ጓል ኣንስተይቲውን ተመሳሳሊ ስራሕ እናሰርሔትን መጠን ዕድሜኣ ዝውሰኽ ኣጣል ናብ ምሕላው ትበጽሕ። ጉብዝና ምስ ጀመረ በረኻ ምውፋር ተቛርጽ ኣብ ከባቢ ገዛኣ ምውዓል ይፍተዋ፡ ማያ ወሪዳ ዕንጸይታ ወፊራ፡ ንኣዲኣ ምሕጋዝ ሓሓሊፉ ድማ ምስ መሳቱኣ ኮፍ ኢላ ዕላል ተብዝሕ። ክረምቲ ጊዜ ማሕረስ ክኸውን እንከሎ ግን ብጽሕቲ ጓል ቢለን ኣብ ግራውቲ ዓቢይ ናይ ስራሕ ግደ ተበርክት። ኣብ ጻሓያይ ትዕጠቅ፡ ፉል ትኰስኵስ፡ ትውንጭፍ፡ ትብትኽ ጥራይ ኣይትሓልብን ኣይትሓርስን ድማ። ኣብ ጊዜ ጕብዝናኣ ናይ ሰበይትን ጕልበታዊ ስራሓትን ከተካይድ ጸኒሓ ምስ ተመርዓወት ኣእጋራን ኣእዳዋን ኣጣሚራ ኮፍ ስለ እትብል ኣብ ከቢድ ናይ ጥዕና ጠንቅታት ትወድቕ። ምኽንያቱ ጽቡቅ ክንቀሳቀስ ዝጸንሔ ግዙፍ ኣካል ስለዝእሰር ኢዩ።

ወድ ተባዕታይ ግን መጠን እናጐበዘ ዝኸደ ኣብ ዝኸበደ ዓይነት ስራሕ ይኣቱ። መሓስእ ካብ ምሕላው ናብ ኣጣል ምሕላው፡ ከብቲ ምጕሳይ ምሕራስ ወዘተ ማለት ካብ ከባቢ ገዛ ብምርሓቅ ኣብ ዝኸበደ ዓይነት ስራሕ ይወፍር። ምውፋር ከብቲ መሮር ይሓድር፤ ምሸት ኣትዩ ብለይቲ ናብ ስርሑ ይወፍር። ብሓጺሩ ናይ ኣቡኡ ሓላፍነት ብምስካም ንኣቡኡ የዕርፍ።

<u>መሰል ብዝምልከት</u> - ናይ ሽንጋለ ስርዓት ዘየማልኤ ወድ ተባዕታይ ገለገለ ጕዳያት ንከይገብር ወይ ንከይረክብ መሰል ይኽላእ። ተኣኪቦም ሓደ ነገር ክጅምሩ እንከለዉ እኳ ዘይሸንገለ ማሕበርና ክመርሕ ኣይግብኦን፡ ዘረባና ኣይጅምርን እናበሉ የላግጹሉ፡።

*<u>ንኣብነት፡</u>* - ናይ ሞት ጸገም ምስ ዘጓንፍ ዘይሸንገለ ሰብ መርድእ ክሰድድ ኣይፍቀዶን። ኣብ ቀብሪ ኣይከይድን፡ ክቀብር መሰል የብሉን ብጊዜ መርዓ ምስ ዓበይቲ ኣብ ዳስ ኮፍ ክብል ኣይፍቀዶን ኣይኣቱን እውን።

– ናይ ሃይማኖት ብዝምልከት ዘይሸንገለ ሰብ ብሽም ሓደ ቅዱስ ወድማሕበር ክኸውን ወይ ማሕበር ከልዕል ኣይፍቀዶን ጸበል ክጥዕም ምስ ዓበይቲ ኣይዕደምን፡

- ማሕበራዊ ጒዳይ ብዝምልከት ዘይሸንገለ ሰብ ኣብ ናይ ዓዲ ባይቶ (ዲባ ወረባ) ተሳታፍነት የብሉን። ናይ እንዳባ ጸገም ምስ ዝፍጠር ሰብ ተቀቲሉ ካሕሳ (ጠርቕ) ኪመጽእ ኣይሕተትን።
- ብና ፍርዲ ዝምልከት ዘይሸንገለ ወዲ ክኽሰስ ወይ ክኸስስ ምሰል የብሉን፡ ንምስክርነት እውን ብቑዕ ኣይኮነን።

  ብሓጺሩ ክሳዕ ናይ ሽንጋለ ስርዓት ዝፍጽም¡ ብሕጊ ንኡስ (ተመምጋኸ) ኰይኑ ይጸንሕ ማለት ኢዩ።

**ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ**

መንእሰያት መጠን ብዕድመ እናደፍኡ ዝኸዱ መጠኑ ድማ ብዙሕ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጣታት የርእዩ። እዚ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ እዚ ገሊኡ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ባህርይ ዝመጽእ ክኸውን እንከሎ ካልእ ድማ ብናይ ከባብን ዝጸንሖ ልምድን ማሕበራዊ ስርዓትታን ዝርከብ ይኸውን።

<u>ንኣብነት</u>፡ - መብዛሕትኦም መንእሰያት ደቂ ቢለን ናይ ትምህርቲ ቁምነገር ኣርቂቆም ክበጽሕዎ ስለ ዘይክኣሉ ካብ ንክመሃሩ ንምሉእ ንእስነታዊ ዕድመኦም ብጓይላን ጨፈራን ኬሕልፍዎ ይመርጹ። ካብ ኣብ ማሕበራዊ ኣኼባታትን ፖሊቲካዊ ኣስተም,ህሮታትን ምክፋል ምስ ከብቲ ኣብ በረኻ ብምውፋር ዝተገለለ ውልቃዊ ስራሓት ክፍጽሙ ይመርጹ። ብኣንጻሩ ግን ኣብ ንእስነታዊ ዕድሜኦም ብርቱዕ ናይ ምስትውዓል ተውህቦን ክእለትስ ኣለዎም። ንዝኾነ ሓዲሽ ነገር ብቀሊሉ ናይ ምቅዳሕ ተውህቦ ኣለዎም።

<u>*ንኣብነት*</u> - ኣብ'ዚ ዕድመ እዚ ዝኾነ ዓይነት ቋንቋ ብቀሊሉን ብሓጺር ጊዜን ይመልክዎ። ብርቱዕ ናይ ቋንቋ ምርዳእ ክእለት ስለ ዘለዎም ድማ እዩ ንዝኾነ ባዕዲ ቋንቋ ተዛራቢ ብናቱ ቋንቋ ጌሮም ዝምልሹሉ፡ ማለት ትግርኛ እንተተዛረቦም ብትግርኛ ይምልሹሉ፡ ትግረ እንተተዛረቦም ብትግረ ይምልሹሉ፡ ዓረብ እንተተዛረቦም ብመጠኑ ብዓረብ ይምልሹሉ። ካብ`ዚ ዝተላዕለ ድማ ኢዩ ቋንቋኦም እናደኸመ ናብኣቶም ጥራይ ተደሪቱ ክተርፍ ከሎ ናይ ካልእ ቋንቋታት ግን ኣብ ዝኾነ ጊዜን ቦታን ኬዘውትሩ ዝርከቡ።

ደቂ ቢለን ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ክሳዕ እዚ ቀረባ ዓመታት ናይ ትምህርቲን ናብራ ከተማን ጥቅሙ ብዙሕ ከይተገንዘብዎ ጸኒሖም። ካብዚ ቀረባ ዓመታት ኣትሒዞም ግን፡ *ጓስነት ከብቲ ይገብረካ!* ብምባል እቶም ናይ ትምህርቲ ኣፋፍኖት ዘይብሎምኳ ከይተረፈ *ከብትኹም ደም ይተሓለባ!* ብምባል ናብ ከተማን ኣብ ዝስልጥን ቦታታን ክውሕዙ ዝርከቡ። እቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ንሕናስ ናይ ትምህርቲ ዕድል ኣምሊጡና ኢዩ፡ ዘይተማህረ ሰብ ኣብ ርእዮተ ዓለማዊ ሕይወት ቦታ ከምዘይብሉ ምርዳኦም ካብ ዕለታዊ ኣዘራርባኦምን ኣገባብራኦምን ብቀሊሉ ክንርዳእ ንኽእል።

<u>ሃይማኖት ብዝምልከት፡</u> መንእሰያት ደቂ ቢለን ዅላቶም ሰዓብቲ ሃይማኖት ካቶሊኽን እስልማናን ክኸዎኑ እንከለዉ መብዛሕቶም ብጽኑዕ ሃይማኖታዊ ኣተዓኣባብያ ስለዝዓበዩ ብርቱዕ ናይ ስነ-ምግባር እምነት ዘለዎም ምኳኑ ካብ ዕለታዊ <u>ኣተሓሳስባኦም</u>፡ *(ከምቲ ሕማቅ ክረኽቡ ዘይምነዩ ንካልኦት ሕማቅ ዘይምሕሳብ)* ካብ ዕለታዊ <u>ኣዘራርባኦም</u> (ቃል ዘይምልዋጥ ወይ ድማ ምእንቲ ግላውን ጊዚያውን ጥቅሚ ንብጻይኻ ኣሕሊፍካ ዘይምሃብ)፡ ካብ <u>ዕለታዊ ተግባራቶም</u> (ጸጊሙካ ከሎ ዘይምስራቅ ወይ ድማ ሓቦ ብምባል ዘይምልማን) ወዘተ ክርኤ ይከኣል። ከምዚ ዝኣመሰለብርቱዕ መሰራትዊ እምነት ኣብ ኣእምሮም ስለ ዝቅረጽ ኣብዚ ውዑይ ዕድመኦም ብቀሊሉ ሃይማኖት ኣይልውጡን፡ ብዙሕ ካልእ ምኽንያታት እንተኾነ'ውን ብሓጺሩ ኣብ እምነት እተመስረተ ጽኑዕ ና ስነምግባር ኣተሓሳስባ ኣለዎም ንማለት ኢዩ።

**<u>ዕላል (ውርዝነት)</u>** - መንእሰያት ደቂ ብለን ኣወዳትን ኣዋልድን ብጊዜ ጒብዝናኦም ኣብ ምቹእ ቦታ ተራኺቦም ብቅኔ-ሓዘል ኣዘራርባ ነንሕድሕዶም ከጫርቁ ከለዉ ዕላሎም ንክትሰምየ እዝኒ ይማርኽ፡ ብጣዕሚ ዘስሕቅ`ውን ኢዩ። እዚ ዓይነት ዕላል እዚ ክልተ ዓይነት መልክዕ ክካየድ ይከኣል።

እቱ ቀዳማይ ነቱ ካልኣይ እናነኣድካ *ክንደይከ ትብርትዕ ሓወይ!* ንዝብል ኣነ ሕማቅ እንተኾንኩ`ውን *ንኣኻ ሒዘ እንታይ ክይጐድለኒ* ብምባል መልሲ እንኪወሃቦ፡ ናይ ለባማት ለባም ብምኳንካ እንተተጋጌኹ ናብ እሩም መንገዲ ባዕልኻ ትመርሓኒ! ... እናበልካ ዝዝረብ ዓይነት ክኸውን እንከሎ፡ እቱ ካልኣይ ዓይነት ድማ ኣንጻራዊ እዩ። <u>*ንኣብነት*</u> *ንስኻ ጓሳ ከብቲ እንታይ ከይትፈልጥ!፡ ንስኺ ብቑልዕነትኪ ጀሚርኪ ለጋስ እንታይ ቅሙጥ ንብረት ከይህልወኪ! ሓንቲ ንዘይፈልጥ ቅሙጥን ሓዲስንከ መን ኣፍለጠ!* ፡ ወዘተ... እናተባሃሃሉ ነቱ ርዕስ ከይገለጹዎ ካብኡ ድማ ከይረሓቁ ብቅኔኣዊ ኣዘራርባ ጥዑምን ዘስሕቅን ዕላል ንነዊሕ ጊዜ ይጻወቱ፡ ተማሂረ ወይ ድማ ብቛንቛ ዲግሪ ሰቂለ! ዝብል ሰብ ከማን ኣን መንጎ መንጎ ይተርፍ እምበር እናተኸታተለ ማዕረኦም ክመላለሽ ከምዕጹብ ኢዩ።

## <u>ናይ ፖለቲካ ብዝምልከት</u>

*መንእሰያት ደቂ ቢለን ኣወዳቶም ኣዋልዶም ፖለቲካ ዝትንክፍ ዘረባ ይኹን ተግባር ኣተፈጥሮኦም ኣይፈትዉን ኢ*ያቶም። ዝኾነ ዓይነት ባይቶ ምስ ዝግበር ዘሸንገሉ ክሳተፉ መሰል ዘይብሎም ይኹኑ ደኣ'ምበር ብባህሪዮም`ውን ኣብ ከምዚታት ክተሓባበሩ ፍቃደኛታት ኣይኮኑን። *ጽባሕ ሓኼባ ሓሎ* እንድሕሪ ተሰሚዑ ኾላቶም ገዛ ገዲፎም ይጠፍኡ! ወዲ ፋሱ ሒዙ በረኻኡ ይኸይድ። ፖለቲካ ክበሃል ከሎ ከምዚ ማእሰርቲ መግረፍቲ፡ ውግእ ወይ ሞት ... ኰይኑ ኢዩ ዝረኣዮም። ኣብ'ዚ ዕድመ እዚ ንዘለዉ ኣወዳት ወይ ኣዋልድ ናይ ዝኾነ ዓይነት ፖለቲካ ትሕዝቶ ንክተእምኖም ብዙሕ ጊዜን ትዕግስትን ብዙሕ ጒልበትስ ይሓትት። ግን ሓድ ሓደ ጊዜ ምስ ዝኣምነሉ ዋላ ጌጋ ዓላማ ይኹን ብጣዕሚ ኣብኡ ይለግቡ። ካብኡ ንክተላቅቆም'ውን ልክዕ ክንድቲ ክተእምኖም ዘጥፋኣካዮ ሓይልስ ጊዜን ይሓትት።

## <u>ሕጸ (ሕጩ)</u>

*ሕጸ ኣብ መርዓ ከበጻሕካ ዝግበር ቀዳማይ ቃል ኪዳን ኣብ መንጎ ወድን ጓልን ዝፍጸም ከምምኳኑ መጠን ወዲ ብለን ክምርያ ምስ ደለየ ብ*3 *መንገዲ ንሓንቲ ብጽሕቲ ጓል ክሕጺያ ይኽእል*።

1ይ - ወለዱ ሓሲቦም ወድና ዓቅሚ ኣዳም በጺሑ ኢዩ'ሞ ጓል ሰብ ንድለየሉ ብምባል ንሱ ዘይፈልጣ ናብ *መልክዕ ናብ ዓጽሚ ናብ ሃብቲ ወይ ድማ ናብ ጠባይ ብምምርኳስ ንሓንቲ ይምርጹ*።

2ይ - እቱ ወዲ ንጓል ኣገሌ ኢየ ዝደሊ ኢሉ ብምጥቋም ንሓንቲ ዘይትፈጦ ወይ እትፈልጦ ጓል ክሕጸ ይከኣል።

3ይ - ብብዝሒ ኣብ ከተማታትና ከም ዝርኤን ከምዝግበርስ ነታ ጓል ኣፍቂሩ ኣብ ምርድዳእ ምስ በጽሑ ክሕጺያ ይኽእል።

*ከምዚ* 3ይ *መንገዲ ዓይነት ሕጸ እናገነነ ይመጽእ* ኣሎ እምበር ቅድሚ 20 *ዓመት* ኣቢሉ ፍጹም ቦታ ኣይነበሮን።

*ኣገባብራ ሕጸ ብጥልቀት ንምዝርዛሩ ዘይኮነስ ሓድሓደ ነጥብታት ምስማይ ኣድላዪ* ስለዝኾነ ሕጸ ምፍጻም ምስ ተደልየ ካብስድራ ወዲ (ካብ እንዳ ኣቡኡ 4 ካብ እንዳንኡ 3) ብጠቅላላ 7 ሰባት ኰይኖም ናይ ጥፍጣፍ ክዳን ወይ ውጮ ተማሊኦም ናብ እንዳ ጓል ይወፍሩ። ስድራ ጓል ድማ በትመሰሳሳሊ 7 ሰባት ኰይኖም ይጽበይዎም። ክልቲኦም ወገን ኣብ ዳስ ወይ ኣብ ገዛ ከይኣተዉ ኣብ ደንበ (ቃሊዕ) ኮፍ ኢሎም ሽም ወድን ጓልን ይቀባበሉ። ድሕሪ`ዚ ሓደ ማእከላይ ሰብ ተንሲኡ *ነዛ ኰስቶ ንእገሌ ሂብክሙናዶ?* ይብል (3 ጊዜ)፡

እንዳ ጓል - እወ ሂብናያ ኣሎና! ይብሉ

እንዳ ወዲ - እወ ተቀቢልናያ ኣሎና! ይብሉ (3 ጊዜ)

*ጀር ማእኰት ኣኽኒማ!*

ጃር ማእኰት ኣኸኒ!፡ 3 ጊዜ ይደግምዎ ትርጉም ድማ፡

*ናይ እግዚሄር እምነት (ቃል) ይሾንዶ? እወ ናይ እግዚሄር ቃል ይኹንማለት ኢዩ።*

ድሕሪዚ ናብ ዳስ ይኣትዉ። ዝተቀረበሎም ሲሳይ ተጋቢዞም ናይ 1ይ ቃል ኪዳኖም ኣሲሮም ንዓዶም ይምለሱ። ኣብዚ ክንርድኦ ዜድሊ ሓደ ነገር እንተደኣ ኣሊዩ ብዝኾነ መንገዲ ማለት ብወለዲ፡ ብምጥቃም፡ ወይ ድማ ብፍቅሪ ኣብ ሕጸ እንድሕሪ ተባጺሖም ወድን ጓልን ክሳብ ጊዜ መርዓኦም ምንም ዓይነት ርክብ ኣይገብሩን። ርክብ እንተነበሮም`ውን ካብ ጊዜ ሕጸ ጀመሮም የቋርጽዎ። ወድ ተባዕታይ ከቢድ ሓላፍነት ክስምዖ ይጅምር። ምኽንያቱ በርቲዑ እንድሕሪ ሰሪሑቀልጢፉ ናብ መርዓ ናይ ምብጻሕ ዕደል ስለዘለዎ፡። ንስድራ ሕጽይቱ ብገንዘብ ብሓሳቡ ብቅኑዕን ዘይቅኑዕን መንገዲ ብጣዕሚ ክሕግዞም ይርከብ። ብምኽሪ ግን ኣይሕግዞምን። ምኽኒያቱ ድማ ካብኦም ስለዝሓፍር እሞ ብመጠኑ ከዓ ስለዝሕባእ`ውን እዚ ኵሉ ዘርእዮ መንፍዓት ድማ ሕጽይቱን ስድራኣን ለጋስ፡ ትጉህ፡ ጠባየኛ ምኻኑ ክርድእዎ ስለዝደሊ እንክኸውን፡ ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ሕጽይቲ ጓል ቢለን ንሕጹያ ብዙሕ ናይ ሕማቅ ምኽንያታት ክትሰምዓሉን ናይ ሕጸ ምፍራስ (ምእባይ) ምኽንያት እትኾነሉ ጊዜን ኵነታትን ብቀሊሉ ስለ ዝፍጠር ኢዩ።

ስድራ ጓል ነዚ ኹሉ ሓገዝን ገንዘብን ገጸ በረኸትን ካብ ሕጹይ ጓሎም እናተቀበሉ ክሳዕ መርዓ ብወገኖም ሓንቲ`ኳ ዘወፍይዎ ነገር የለን። እዚ ድማ ጓል ቢለን ክንዲ ኣየናይ ተደላዪትን ክብርትን ምኻና ዝገልጽ እንኪኸውን ገሊኦም ከምዝትርጉምዎ ድማ ደሓር ምስ ተመርዓወት እቲ ሰብኣያ ኣብ ልዕሊኣ ብዙሕ ስልጣን ስለ ዝህልዎ ኢዩ። ምኽንያቱ ብገንዘቡ ከምዝዓደጋ ስለዝቊጽር፡ ይብሉ። ዝተሓጽየት ጓል ካብ ሕጹያ እናተሓብኤት ትጸንሕ። ክሳዕ እዚ ቀረባ ዓመታት ሕጽይቲ ካብ ሕጹያ ሓጹርን ኣጻድፍን ረጋጊጸ ኢያ ክትሕባእ ጸኒሓ። እንተዘተሓብኣቶ ድማ ይሃርማ ኢዩ። ልምዲ ስለዝኾነ ድማ ሕጽይቲ ጓል ካብ ስድራ ሕጹያ፡ ኣዝማድ ሕጹያ፡ዋላ ከብቲ ሕጹያ እንተረኣየት ሃው ኢላ ትሃድም። እዚ ምትሕብባእ'ዚ ብዝጸንሖ ስርዓታት ስለ እትግደድ ደኣ እምበር ጸሊኣቶ ኣይኮነትን። እኳ ደኣ ሓሚሙ ወይ ካልእ ዝኾነ ዓይነት ጸገም ረኺቡ ዝብል ወሬ ክትሰምዕ ከላ ብጣዕሚ ከምዘተሓሳስባ ኣብ ገጻ ይንበብ።

ሕጽይቲ ካብ ሕጹያ ምሕባእ በዚ ሎሚ ጊዜ ሓሓሊፉ እንተዘይኮይኑ ዳርጋ ተሪፉ ኢዩ። ግን ብሓደ ኰንካ ናይ ምጽዋትን ምምኻርን ደረጃ ብዕሊ ኣይተበጽሔን ኣሎ።

መንእሰያት ደቂ ቢለን ከምዚ ዝኣመሰለ ጠባያትን ተግባራትን ኬርአዩ ድሕሪ ምጽናሕ ንቡር ሰለዘይተርፍ ናይ መርዓ ቃልኪዳን ምእሳር ይበቅዑ ማለት ኢዩ።

## <u>ሽንጋለ (ምውታግ) - ምሉእ ሰብ ምኳን</u>

ሽንጋለ ዝበሃል ክንዲሰብ ኣኪልካ ኵሉ መሰልካ ብሕጊ ተኸቢሩ ኣብ ሕብረተሰብ እትኣትወሉ ደረጃ (ጊዜ) ኢዩ። ኣቶ ፍስሃየ ትንሰኤውን ኣቶ ዓዋተ ቊርባንን ብቃል ከምዘረድኡኒ ሽንጋለ ቅድሚ መርዓ፡ ብጊዜ መርዓ፡ ወይ ድማ ድሕሪ መርዓ ክፍጸም ከም ዝከኣል ኢዩ። ኣፈጻጽማ ሽንጋለ ብዝምልከት ወድ ተባዕታይ ክሸንግል ምስ ደለየ ናብ ኣኮታቱ ኢዩ ዝሸንግል። ናይ ሽንጋለ ኣገባብራ ብሓጺሩ ክንርእዮ እንከሎና ድማ ዝሸንግል (ዝውትግ) ሰብ ናይ ዝኾነት ሔማ ሰበይቲ ነጸላ ይወስድ፡ ብግቡእ ይኽደን፡ እናዞረ ናብ ኣኮታቱ ይምረቅ። ኣብ`ቲ ቀዳማይ ኣኩኡ ይሸንግል (ማለት ነቲ ዝሸንግል ካብ ርእሱ ጥማር ጸጕሪ ቈሪጹ ዝወሃብ ሂቡ ርእሱ ኣጕልቢቡ ናብቲ ካልኣይ ይሰዶ። እዚ ድማ ተቀቢሉ ነቲ ጕልባቡ ይቅንጥጦ (ቅንጣጠ)፡ እሞ ብናይ ድሕሪት ክሳዱ ናይ ላጻ ምልክት ይገብረሉ (ቅንቃኖ)፡ ድሕሪ'ዚ እቱ ዝሸንገለ እናዞረ ኣብ ዝኾነ ሰብ ይምረቅ፡። ካብ'ዚ ጊዜ እዚ ጀሚሩ እቲ ሰብ ክንዲ ሰብ ኣኺሉስ ኣብ ሕብረተሰብ ኣቲዩ ማለት ኢዩ።

<u>***ቅድሚ መርዓን ድሕሪ መርዓን ዝፍጸም ሽንጋለ፡***</u> ክሸንግል ዝደለየ ወዲ ኣእኣዳዉ ኣሳፊሑ ብገፊሕ ነጸላ ይኸደን። ሳእኑ የውጽኦ። ኣዕርኽቱ ይጽውዕ፡። ኣብ ቀረባን ርሑቅን ዘለዉ ኣዝማዱን ፈተውቱን ሰሙን ምሉእ ብዘይሳእኑ ኣእዳዉ ዓጻጺፉን ሸፊኑን ኣዕርኽቱ ኣኸቲሉ እናዞረ ይምረቅ። ሸውዓተ ገዓት ይበልዕ፡

***ገጸ በረኸት ይወሃብ። ኣብ`ዚ ጊዜ ኣዕርኽቱ ሳእኒ ዘይብሉ ምኟኑ ስለዝፈልጡ ዘይጥጡሕን ኟኹቶ ብዝመልኦ ቦታታትን ይመርሕዎ እሞ ኣብ ማእከል እሾኽ ምስ ኣተወ ገዲፎምዎ ሃው ኢሎም ይሃድሙ። ወዮ ሸንጋሊ ኣእዳዉ ካብ ነጸላ ኬውጽእ ስለዘይግብኦ ኣእዳዉ ናብ ባይታ እናፋሕፈሐ ብረመጽን እሾኽን፡ እናተቀጽዔ ደድሕሪኦም ከርተት ይብል። ኣዕሩኽቱ ከምዚ ምግባሮም ግን ስርዓት (ዓደት) ኰይኑ ዘይኮነስ ክዋረድ እንከሎ ብምርኣይ ኬላግጹሉ ኢሎም ዝፍጽምዎ ዓይነት ጸወታ ኢዩ።***

***<u>ብግዜ መርዓ ኣብ ዝግበር ሸንጋለ</u> ግን እቲ ዝሸንግል (ዝውትግ) ሳኣኑ ከየውጸኤ ኣእጋሩ ብነጸላ ከይተሸፈነ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ክዓውድ ኣብ ሕጽኖቱ እንከሎ ብኣኮታቱ ተመሪቑ 7 ገዓት ብምብላዕ ስራዓት ሸንጋለ ዝፍጽም እንኪኸውን ሸንጋሊ ምስ ኣዕርኽቱ ሩባ ወሪዱ ክዳውንቱ ሓጺቡ ምሸት ንገዛ ክምለስ እንከሎ ሰይፊ መዚዙ ባዕሉ እናደበለ ይኣቱ፡፡ናይ'ዚ ምድባል ትርጉም ድማ መርዓቱ ብድንግልናኣ ከምዝኣተወቶ ናይ ምብሳር ምልክት ኢዩ። ከይደበለ እንተደኣ ኣቲዩ ግን ሓሲማ ጸኒሓቶ ማለት ኢዩ። ኣብ'ዚ ሓደ ነጥቢ ክንግንዘቦ ዝግባኣና ኣብ ሕብረተሰብ ቢለን ጓል ኣንስተይቲ ክብረ ንጽሕናኣ ተደፊሩ ምስ እትርከብ ከምዕጹብ እንተዘይኮይኑ ሰብ ኣያ ኣይፈትሓን (ኣይኣብያን) ኢዩ፡ ፡፡ ኰይኑ ግን እንተደኣ ፈቲሑዋ ግን ብሕብረትሰብን ብቤተክርስትያንን ይውገዝ፡፡ ገንዘቡን ሓይሉን ኵሉ ንብረቱን ከሲሩ ኢዩ ዝተርፍ። ካብ ሕብረተሰብ ሰለዝወጽእ ድማ ከምኡ ዝተወገዘት ወይ ክትውገዝ ፍቃደኛ ዝኾነት እንተዘይኰይና እትምርዓዎ ጓል ኣይረክብን።***

***ድሕሪ እዚ ጊዜ እዚ እቱ ሰብ ሸንጊሉ ይበሃል፡፡ ኹሉ መሰላቱ ሕልው ይኸውን፡፡ ጸገም ዓድን ራህዋን ምስ ካልኦት ዝመሰሉ ሰባት ማዕረ ብምስታፍ ኣን ሕብረተሰብ ይኣቱ። ሰለዚ መንእሰይ ካብ ዝውለድ ጀሚሩ በብጊዜኡ ዝተፈላለየ ናይ ኣካልን ናይ ሕብረተሰብ ለውጥታትን እናኣርኣየ ናይ ባህሊ፡ ናይ ሕጊ፡ ... ስርዓታት እናፈጸመ ካብ ንእስነት*** (Minor) ***ኵሉ መሰሉ ብምምላእ ናብ ሕብረሰብ*** (adulthood) ***ይኣቱ ማለት ኢዩ።***

___________